ዝነናግዑሉ ሃናጺ ጸወታ ኣሎ። (እዙይ ዕድል-ትምህርቲ ኣብ ዘይነበረሉ ጊዜ ብመጠኑ ከም "መዋዕለ ሕፃናት" የገልግል ዝነበረ ኢዩ)።
<u>ባህላዊ ኣገላልፃ ስምዒቶም</u> - ናይ ታሕጓስ፤ ናይ ምግራም፡ ናይ ምግት፡ ናይ ኣረኣእያ ዓለም ኮነ ናይ ኩነታት ግምገማ ዝምልከት ሓሳባቶምን እምነቶምን ስምዒቶምን ብ"ዓዷር" (ማሰ) ኢዮም ዝገልፁ። ኣብ ኃዘን'ውን ናይ ኣንሽቲ መልቀስ ሎሚ እናተረፈ ይኸድ'ኳ እንተሃለወ፡ ንቀባሮ-ኣንሽቲ ክተብኪ እተልቅስ ሰበይቲ "ዎዮ...ዎዮ" እናበለት፤ ንሰባኡት ከብኪ ከዓ መልቀሳይ ሰብኣይ "ዎዮ...ዎዮ" እናበለ፡ ብዛዕባ መንነትን ታሪክ-ሕይወትን ናይ'ቱ ምዉት (ናይ'ታ ምውቲ) ዘብኪ ቃና ብዘሎዎም ግጥምታት መልቀስ ገይሮም ይገልፁ።
<u>ባህላዊ ፀጕሮም</u> - ከም ናይ ወገኖም ምሉእ ሕዝቢ ዓጋመ፡ ተባዕትዮ ንሳዕ ሽምግልና ጋዕሚ ምስ ሚዶ፤ ደቂ ኣንስትዮ ከዓ ኣናእሽቲ ዙሪያ ጋመ፤ ዓበይቲ ቁናኖ (ድፍኖ)።
<u>ባህላዊ ኣለባብሳኦም</u> - ሎሚ ከምቱ ባህሊ ብዝበዝን እናተሓዋወሰን እናተለወጠን ይኸድ ዘሎ፡ ኣለባብሳ'ውን ከም ኣብ ኩሉ ከባቢ፡ ዘመናዊ ዕዳጋ ብዘቕርቦ እናኾነ ኢዩ። ከም ባህላዊ መሠረቱ ግን መብዝኅቶኡ ፃዕዳ፤ ጽሩይ ዓለባ፡ ናይ ሰባኡት ቁምጣ-ስረን እጀ-ጠባብን ነጸላን፤ ናይ ደቀንስትዮኦም ከም ምሉእ ትግራየን ቀሚሽን መቐነትን ነጸላን ኢዩ ዝነበረ። ሰባኡት ብፍላይ ነዊኅ መንገዲ እንክጕዓዙ ኣብ ዙርያ መዓንጣኦም-ሕቑኦም-ከብዶም ዝጥምጥምዎ "ጥዎር" ተብሂሉ ዝጽዋዕ፡ (ቅርጺ "ቃጣይንታ" /ቀጢን-መዓንጣ/ ዘለዎ) ክሳዕ 5/6 ሜትሮ ዝንውኃቱ ክቢ ዝሥርሓቱ ጨርቂ መቐነት ይቕነቱ ነይሮም። እዙይ ከዓ ኣብ ነዊኅ ጕዕዞኦም ብድኻምን ጥሜትን ከይጥቅዑን ኣብ ጊዜ ውግእ እውን ብኲናት እንተተወግኡ ደሞም ከይፈስስን ኣዓርዩ ይሕግዞም ከምዝነበረ ይንገር። ንኣብነት'ኳ ኣይተ ዓዶዑመር ሓሊቦ ብምኽንያት ሃይማኖት ንኣቤቱታ ብእግሪ ናብ ኣዲስ ኣበባ እንክጕዓዙ ዝተጠቐሙሉ ክሳዕ ቀረባ ዓመት ከምዝነበረ ይፍለጥ።
<u>ባህላዊ መዳቕሶኦም</u> - ኣንስቲ ኣብ ገዛ፤ ሰባኡት "ማዳሮ" (ጽልዋ-ሓዊ/መጋድ) ገይሮም ኣብ ገበላ፤ ምኽንያቱ ከዓ እንካብ ጸላኢ ኮነ እንካብ ኣራዊት ድሕንነት-ስድራን ድሕንነት-ጥሪቶምን ምሕላው ሓላፍነት ሰባኡት ስለዝኾነ ኢዩ። ለይቲ ካብ ርሑቕ ኣብ መሓድር ዝሓለ ሓዊ ኣዎንታዊ ትርጕም ኣሎዎ። "ኩጊራይቲ ባደዋዎ" - ሓው'ኻ ኣይጥፋእ - ዝብል እቱ ሰብ ወትሩ ኣብ ቦታኡን ኣብ ዓዱን ክርከብ ዝግለፀሉ ምረቓ ወይ ሠናይ ትምኒት ኢዩ። ካብ ዝግበሩ ምረቓታት ንምጥቃስ፡-



"ኣይሮ ባሊህ ሳዒስ፤ (ከም ፀሓይ ኣሙቕ)
ኣልሳ ባሊህ ኢፊስ፤ (ከም ወርሒ ኣብርህ)
ባዱ ባሊህ ማሪስ፤ (ከም ውቅያኖስ ኣንብር)
ሓን ባሊህ ሓይስ፤ (ከም ፀባ ኣጽግብ)
ሱባሕ ባሊህ ኣሞ ቲክ፤ (ከም ጠስሚ ርእሲ ኵሉ ኩን)
ባስካ ባሊህ ባሳክ ኤይ፤ (ከም መዓር ጥዑም ኩን)
ላየ ባሊህ ሲሊል ኤይ፤ (ከም ማይ ሶማዎ በል)
ሲ'የ ባሊህ ሳጋዕ ኤይ። (ከም ስየ ለይለይ/ነይነይ በል)
ጋሃናም ጊራ ማላላዒን፤ (ሓዊ ገሃነም ኣይትጸ'ሎ)
ኣራባህ ባዕላ ማጋሪን (ንሰበይቲ)፤ (ብመልሓስ ሰብኣይ ኣይትዝበጢ)
መዕነ ባሶዱ ኮህ ሱግቶይ፤ (ኣብ ቅድሜኻ ሠናይ ይጽናሕካ)
መዕነ ላክኮ ኮዱ ካታይቶይ፤ (ብድኅሪትኻ ሠናይ ይስዓብካ)
ለሊዕከ ዒልጣን ኮህ ያሓዎይ፤ (መዓልትን ሥልጣንን ይሃብካ)
ኣዳምከ ፉኅ ኩታክሓኖይ፤ (ሰብን እዝግን ይፍተዉኻ)
ኩ'ኢንኪኖ ሉባክ ኢንኪኖ ኣቦይ (ካብ ኣኅዋቱ በይኑ ንዝተረፈ)፤
(ውልቀነትካ/ሓደነትካ/ ውልቀነት ኣንበሳ ይግበረልካ)
ማላኪያ ኩዋካለ ታኮይ፤ (መላእኽቲ ወኸለኻ ይኹኑ)
ማላኪያ ኩመካሮ ታኮይ፤ (መላእኽቲ መኻሮኻ ይኹኑ)
የኮ ራዕተም ማላኪያ ኣድኮሆሶይ፤ (ዝተረፈኒ መላእኽቲ ይወስኹልካ)።

ከማኡ'ውን ንቡን ምስ ተቐረቡ፡ እቶም ሰብ ገዛ ዝቑሎ ቡን ንጋሻ ወይ ከዓ ንሓደ ዓቢዮም ዝኾነ "ያባ" ብምቕባል "መርቑ" ይበሃል'ሞ፡ ንኵሉ ኩነታት-ሕይወት ዝምልከት ሓፈሻዊ ዝኾነ ምረቓን ሠናይ ትምኒትን ከም'ዙ ዝስዕብ እንክምረቕ እቶም ካልኦት ኣብ መምዕራፉ "ኣሚን" እናበሉ ይምልሱ። እቱ ምረቓን ሠናይ ትምኒትን ከዓ፡ ብናይ እቱ ውልቀሰብ ይኹን ጠቕላላ ናይቱ ሕብረተሰብ ናይ ፍትሒ፡ ናይ ግብረገብነት (ሥነሥርዓት) ኣተዓቓቕባ፡ ከማኡ'ውን ናይ ሥድራ፡ ናይ ኣዝመራ፡ ናይ እንስሳ፡ ዙሪያ መለስ ናይ ሕብረተሰብ ድኅንነት፡ ብቀደም-ሰዓብ ዝምልከት ይኸውን። ቀንዲ ዕላማኡ ከዓ ኣብ ወልፊ ቡን ዝተደረኸ ዘይኮነስ ንቡን ክቡርን ማእኸልን ብምግባር ብዛዕባ ኣገደስቲ ህልዊ ኩነታት ሓበሬታታት ንምልውዋጥን ናይ'ቱ ሕብረተሰብ ማሕበራዊ ከይድታት ንምዝታይን ኣብ ዝእከቡሉ ኣጋጣሚታት፡ ወዘተ. ዘካይድዎ ኣገባብ-ምረቓ ኢዩ። ከም ኣብነት ከዓ ካብ ብዙኅ ቁርብትለይ ምጥቃስ ይከኣል፡-
"ያባ፡ ያባባ፡ ያባ ኣይከ ጋባ፤ ዓንገዱ ሳባ፤
ያባ ያናም ራካ፡ ያሓይኒም ሉካ(ብዙኅ) ታኮይ፤
ያሓይኒም ጋባዱ ጋሕቶይ፡ ያባ ያናም ዋጋበከ ጋሕቶይ።
ያሓይኒም ዋይቲመ ዋይቶይ፡ ሂና ያናም ኣፋዱ ጋሕቶይ።
ጋባ ጋባዳይናም ኣቢደ ዋይቶይ፤
ኦዶኒየ ዲይሶ ታኮይ።
ዓራን ዳፋርታ፡ ባዶ ካላይቶ ታኮይ፤